# ሸባብ

ሃማመተኤ



# ገጻ ሰንበት

## "ፊልም ቬሎ ዘይንስኻ መሲልካ ክትዋሳእ ናይ ምኽኣል ብቕዓተይ ዝፈተሸት'ያ፡" - ተዋሳኣይን ኮመዲያንን መብራህቱ ሰሎሞን

ርኢይ ምስ እትብሎ ኑቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝላበሶ ኣዘናዪ ጠባያት ብቐጸበ ቅጅል ይብሎ'ካ፡ ክምስ ክትብል ትድረኽ። ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ናይ መድረኽ ድራማታት፡ ፊልምታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣብ ደምጺ ሓፋሽን ኤሪ ቲቪን ብተኸታታሊ ኣብ ዝቐርብ ድራማታት ብምስታፍ፡ ኣድናቖት ዘትረፉ ህቡባት ተዋሳእቲን ኮሜድያንን'ዩ። ስነ-ጥበበኛ መብራህቱ ሰሎሙን (መብሬ)! ብዓል ሓዳርን ኣቦ 7 ወሉዳትን ዝኾነ መብራህቱ ብምኽንያት በዓል ቅዱስ የውሃንስ ኣብ ዓምዲ ጋሻ ሰንበት ዓዲምናዮ ኣሎና። ሰናይ ንባብ!

* ብኣተዓባብያኻ ክንጅምር?

- ኣብ ዞባ ደቡብ መንበሮ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ'የ፡ ከባቢ 1966፡ ተወሊደ። ኣብ ጉስነት ከኣ ዓብየ። ዕድል ትምህርቲ ኣይረኸብኩን። ወዲ ዓሰርተ ሸውዓተ ኣቢለ እኸውን ንሜዳ ወጺአ። ድሕሪኡ ታዕሊም ወዲአ፡ ናብ ትምህርቲን መጽናዕቲን ኢደ-ስርሓት ተወዚዐ። ኣብኡ ንኽንመሃር ተባሂሉ ብሓፈሻኡ ኢደ ስርሓት ከም ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን ከምኡ'ውን ምጥፋእ መሃይምነትን ካልእን ትምህርቲ ዝወሃበሉ ዝነበረ'ዩ። ኣብኡ ተማሂረ። ዕርንትርትር ምስ በልና ከኣ ናብ ሓይሊታት ኩቲትና።

* መኣስን ኣበይን ኢኻ ሰንኪልካ?

- ኣብ ግራት ታንክ ብታንክ ግጥም ኣብ ዝነበረሉ፡ 16 ሚያዝያ 1984 ሓንቲ እግረይ ተቐሪጻ እታ ሓንቲ ድማ ብፈኩስ ተሃሪመ ሕክምና ተገይሩለይ። ከምዛ ትርእየኒ ክሳብ ሕጂ ፋሕተርተር እናበልኩ ህይወተይ እመርሕ ኣለኹ።

* ኣብ ኢደ ስራሓት ብውልቂኻ እንታይ ኢኻ ቀሲምካ ?

- ኣነ ናይ ጽርበት ሓጺን ትምህርቲ'የ ቀሲመ። ናይ ቶርኒቶረ ክእለት'ውን ኣጥርየ። ሳላቶም ኣብኡ ዚነበሩ ውፋያት ከኣ መሃይምነት ኣጥፊአ። ምስ ሰንከልኩ ናብ'ታ ዘጥረኹዋ ሞያ ኢደ ጥቡብ ተመሊሰ።

* ብኸመይ ኢኻ ናብ ስነ-ጥበብ ክትኣቱ ክኢልካ?

- ንእሽቶ ኣብ ዓዲ ከለኹ ጺያፍ'የ ነይረ። ደቂ ዓዲ ብዛዕባ ናይ ቍልዕነት ግዜይ ከዕልሉኒ ከለዉ፡ ተዋዛያይ ምንባረይ'ዩ'ም ዝገልጹለይ።

* ኣብ ሜዳኸ?

- ቅድሚ ምስንካለይ ኣብ ጥሩቕሩቕ ዝተባህለ ቦታ ኢና ነይርና። በቲ ንሕና ንዋዘዮን ንጫረቐን ዝነበርና፡ እቶም መራሕቲ ሓይሊታት፡ 'ኣብ ባህሊ ክነጥፍ ይኽእል እዩ' ኢሎም ኣብ ናይ ሓይሊ መሪጸምኒ። ካብኡ ምሽት ናብ ድፋዕ ትኸይድ ፡ እንደገና ናብ ባህሊ ትምለስ ከምኡ'ዩ ነይሩ'ቲ ህይወት። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝተዳለወት " ኣሿኽ ጽገረዳ" ዝርእስታ ድራማ ነይራ። ኣብኣ ከም ኳደረ ኮይነ ተዋሲአ። ድሕሪኡ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሓት ክሳተፍ ጀሚረ።

* ድሕሪ ናጽነትከ?

- ጠባሓይ ክኸውን ፈቲነ ነይረ።

* ሕራይ. . .

- ሽዓ ኣብ'ታ ምጥባሕ ዝጀመርኩላ መዓልቲ ሓንቲ ቀነጅነጅ ትፈቱ ሰበይቲ ትዕንቅፈኒ።

* ብኸመይ?

- እዛ ሰበይቲ ክጡብሓላ ምስ ጀመርኩ፡ "ኣጋይሽ ክመጹኒ'ዮም ቀልጥፈኒ" ኢላ ትህውኸኒ። "ድሓን ሕራይ" ኢለ ምጥብሓይ እናቐጸልኩ ከለኹ፡ ቁሩብ ጸንሕ ኢላ ኸኣ "እዋይ ኣታ ጉድ ጌርካኒ እዞም ኣጋይሽ'ምበር መጺኦም" ትብለኒ። ዝገበሮ ምስ ጠፍኣኒ ኩሉ ከየውረድኩዎ ሓንቲ እግራ ጥራይ ሰሊዐ ሂበያ። ሽዑ "ንስኻስ ብሓቂ ቅድሚ ሕጂስ ትጡብሕ ነይርካ ?" ትብለኒ። ኣነ ኸኣ " እወ ንጡብሕ ነይርና" እብላ። "ኣበይ ደኣ ኣሎ'ቲ ድሎትክ" ኢላ ከኣ ርእሰይ ተዘውረለይ። እንታይ'ሞ ክብለካ'የ ብምልእታ እታ ስጋ ጸጉሪ መሊኣ። ብበል ኣይትበል ብኸንደይ ሓይሊ ኣውሪደላ መቸም እተን ዚወሃባ ሂባ ኣፋንያትኒ። ድሕሪኡ ምጥባሕ ቶባእ ኢለ ገዲፈዮ።

* ቅድሚኡ ሓሪድካ ኣይትፈልጥን ማለት ድዩ?

- ኣብ ሜዳ ትጡብሕ እንዲኻ። እቲ ኣጠባብሓ ግና ከም ዝሰለጠካ'ምበር ቁርበት ከይቀደድ ገለ ዝብል ኣይነበረን። እቲ ስጋ ጥራይ ይረኽብ እናበልካ'ዩ። መቸም ፈቲነያ ስቕ ኢልኪ መሪጸኪ ውሰዲ እንተበልኩዋ" - "እዋይ ፒትልስ ዘይትፈልጥ ኢኻ ከኣ ክዳውንቲ ትሸቅጥ!" ትብለኒ። 'ኦ እዚኣ'ውን ኣይተዋጽኣንን'ያ' ኢለ ገዲፈያ። ድሕሪኡ ፈላጻይ ዕንጸይቲ ክኸውን ፈቲነ ነይረ።

* ሕራይ. . .

- ፈላጻይ ምኳን'ውን ሓይሊን ጥቡብን ስለ ዘድሊ ኮይኑ ምስ ረኸብኩዎ ገዲፈዮ። ኣብ መወዳእታ'ዩ እዚ ናይ ካሜራ ሓሳብ መጺኡ።

* እዚኣኸ ከመይ ሰሊጣትካ?

- ዋእ እዚኣስ መባልዕተይ'ያ። ኣብ ኤክስፖ ኤደይ ምስ ኣጽረኹ ቪድዮ ካሜራ ገዚአ ናይ'ቲ እዋን'ቲ ዓይነት ማለት'ዩ።

* ናብ ስነ- ጥቡብ ደኣ ብኸመይ ኣተኻ?

- በጋጣሚ'ዩ። ደሓን ይእተዉ ኣብ መካነ እንስሳ ዘገዳም (ቤት-ጊዮርጊስ) ክስእል ኣፍቂዶምለይ። ኣብኡ ከኣ ደቁ ከዛውር ናብ'ቲ ቦታ ዚመጽእ እስእል ነይረ። ሓደ መዓልቲ ኣብ'ቲ ቦታ እናሰኣልኩ ከለኹ፡ ሓደ ጸጋይ ዓዲ ጣልያን ዝበሃል ካብ ዓዲ ጣልያን ዚመጸ፡ ብድሕሪ ኣጉዶ ክጽሕፍ ምስ ጸንሐ፡ ወየ'ቲ ክስእል ከለኹ፡ "ናብዚ ኣብላ ከምዚ በሉ. . . " ክብል ምስ ረኣየኒ፡ "ስማዕ እንዶ ከምዚ ዝርእየካ ዘለኹ ክትዋሳእ ትኽእል ኢኻ' ይብለኒ። ኣነ ከኣ ኣብ ሜዳ ተዋሲአ እፍትን ከም ዝነበርኩ ምስ ነገርኩዎ፡ "ከመይ ኮይንካ ኢኻ ትዋሳእ ?" ይብለኒ፡ ከም ወዲ ገጠር ኮይንካ ምውሳእዩ ባህ ከም ዚብለኒ ምስ ገለጽኩሉ "እሞ ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዋ ድርሰት ኣላትኒ'ሞ ዘይህበካ" ይብለኒ። ሕራይ ኢለ በቲ ኣጋጣሚ እናተጠራጠርኩ እኽበሎ። * ሕራይ. . .

- በቃ ነታ ዝሃበኒ ጠባይ ተለማሚደያ። ብዙሕ ደኣ ኣይቀጸለትን እምበር እታ ናይ ፈለማ ስራሕ ኣብ ሲነማ ኢምፒሮ ዝተራኣኹላ "ንስታተር" ዝርእስታ'ያ ነይራ።

* ድሕሪኡ ?

- ድሕሪኡ ኣብ ኤሪ ቲቪ ብተኸታታሊ ኣብ ዝቐርባ ዝነበራ ፊልምታት ከም "ዝባን ሕጊ"፡ " " ማእረ" ፡"ህይወት" ፡ "ቬሎ" ኣብ ናይ ሬድዮ ድራማታት፡ ከም እንዳቦይ ሳጅን ትብል ተኸታታሊት ድራማ፡ ሕጂ'ውን ኣብ'ዛ ብተኸታታሊ ኣብ ኤሪ ቲቪ እትቐርብ ዘላ ጸጸር ዝርእስታ ፊልምን ካልእን ተዋሲአ ኣለኹ።

* ኣብ ኮመዲያዊ ጠባያት ዲኻ ዝያዳ እተደምፅ ወይስ ኣብ ካልእ'ውን?

- እቶም ደረስቲ ይኹኑ ዳይረክተራት ነቲ ክላበሶ ዝኽእል ጠባይ እናተኸተሉ ዝጠዝሑ እቲ ኮሜዲያዊ ክፋል'ዮም ዝህቡኒ። ይንኣሰ ይዕቢ። ኣነ ግና ኣብ ኮሜዲ ጥራይ ክሕጸር ኣይደልን'የ። ናይ ብሓቂ ተዋሳኣይ ዝበሃል ከኣ ንዝወሃቦ ገጸ ባህሪ ብግቡእ ከንጸባርቖ ክኽእል ኣለዎ። ንኣብነት 'ጓል ምስሌነ ' ኣብ እትብል ፊልም ጨካን ኮይነ'የ ሰሪሐ። ከም ስርዓት ሽፍታ በረኻ ጨርቂ ኣሲረ ኣዒንተይን ገለን . . .

* እሞ ብግቡእዶ ኣንጸባሪቕካዮ?

- ኣንጸባሪቐዮ!

* ዋእ!

- ናይ ብሓቂ! ኣይረኣኻያን ማለት'ዩ። ነቲ ዝወሃበካ ጠባይ ክተንጸባርቖ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ተዋሳኣይ ኣይኮንካን ማለት'ዩ።

* ክሳብ ሕጂ ዝተዋሳእካዮም ድራማታት ኮሜዲታት መዚቃዊ ድራማታት ዓበይቲ ይኹኑ ንኣሽቱ ፊልምታት ብዝሑም ክንደይ ኣቢሉ ይኸውን?

- ብሓርፋፍ ገምጋም ክሳብ ሱሳ ዝኸውን ናብ ህዝቢ ዝቐረበ ስራሓት ኣሎ። ናብ ህዝቢ ዘይቀረበ ብዙሕ ኣሎ።

* ብዓይነቱ እናመቓቐልካ ንኣብነት ፊልም ኮሜዲ መዚቃዊ ድራማ ናይ መድረኽ ተዋስኦ ናይ ሬድዮ ድራማ ናይ በዓላት. . .

- ኣብ መዓልቲ ናጽነትን ካልእ በዓላትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ኣሎ። ኣብ ኮሜዲታት'ውን ብተመሳሳሊ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዝኸውን ኣሎ።

* እታ ምስ ህዝቢ ዝያዳ ዘላለየትኒ ትብላ?

- ነፍስ-ወከፍ ዝሰራሕኩዋ ፊልም ናታ ሽም ኣጥርየላ'የ ሓሊፈ። ኣነ ዝጠዓሰላ ወይ ክዋሰኣ ኣይነበረንን ዝብላ ፊልም የላን። ብፍላይ እንተኢልካኒ ግና "ቬሎ" እያ። እዛ ፊልም ክሳብ ክንደይ ነቲ ዘይንስኻ መሲልካ ክትዋሳእ ናይ ምኽኣል ብቕዓት እትፍትሽ'ያ ነይራ። ኣለካ እንዶ ከምዚ "ሰሓበይ. . ." - "ማማ ትሙት!. . ."፡ "ንስኺ ግን ኤግዛምዶ ተብዘሕለያለኺ ሓቀይ. . ." ነዚ ከም ሓደ ወዲ ሹቕ ኮይነ ቀቡዐይ ጠውየ ዝበሎ'ዩ ። በዚ ኣጋጣሚ ነቶም ነዚ ዕድል ዝፈጠሩለይ ስነ-ጥበበኛታት ኣመስግኖም።

* ብፍላይ እዛ "ማማ ትሙት. . ." ትብል ተዘካሪት'ያ . . .

- ነፍሳ ይምሓር ምስ ነፍስሄር ወይን ሓረግ (ቢኪ) ዝሰራሕናያ'ያ። ንሳ ሕማም ናይ ሸሎ'ዩ ዘለዋ። ሸሎ ጥራይ ጌሩ የውጽኢያ'ምበር እቲ ሱብ ዝኾነ ይኹን ኣይግድሳን'ዩ። ኣብዚኣ ኣነ ንእሽቶ መሲለ ከድናግራ እሓስብ፡ 'ኣነስ ከም ሓያም'ምበር ብሸሎ ኣይወሰደክን'የ' ምስ በልኩዋ ትጸርፈኒ'ያ። በቃ ትገድፈለይ የብላን ኣዋርድ'ያ ተብለኒ።

* (ሰሓቕ) ናይ ብሓቂ ኮይኑዶ ይስመዓካ ነይሩ ይኸውን?

- ኢሂ ድኣ ኣብ ስምዒት እንዲኻ ትኣቱ! እዚ ኩሉ ዝነበራ መደብ እንድየ ዘፍርሰላ ዘለኹ።

* ድሕሪኡኸ?

- ድሕሪኡ ደኣ ከም "ዓይኒን ሓመድን" ፡ "ዘይረገፈት ዕንባባ" ፡ " ዓረም" ፡ ሓፈሻዊ ኣብ ነፍስ ወከፍ ዝላበሶ ጠባይ ጽቡቕ ግብረ መልሲ እረኽበሉ'የ።

* ከም ተዋሳኣይን ኮሜድያንን ብዙሕ እዋን ኢኻ ሰሪሕካሞ ምስ'ዚ ሞያ ብምትእስሳር ኣብ'ቲ ማሕበራዊ ህይወት ካብ ዘጋጥመካ ?

- እቲ ዘጋጥመኒ እጽሕፎ እንድየ። ሓንቲ ካብቲ ዘጋጥመኒ ክጠቕሰልካ።

* ሕራይ. . .

- ሓደ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝወዓልኩ መሰለኒ. . . ኣነ ከኣ ምስ ካልኣየይ ጥቓ ገዛኡ እዋሳእ ነይረ ። ኣነ ገጻይ ናብ ካሜራ'ዩ ነይሩ ። እቲ ገዛ ብድሕረይ'ዩ ነይሩ። ኣነ ነቲ ምሳይ ዚዋሰእ ዝነበረ መዋስእተይ ማለት'ዩ ". . . ነዚ ገዛ'ዚ ጽባሕ ኣይትረግጾ ድሕሪ ጽባሕ ኣይትረግጾ በዚኣ ተንከስ ኢልካ ኣይትሓፍልን ኢኻ እብለካ ኣለኹ እዚ 'ኳ ጽርግያ ኣይኮነን ወርቀይ ዘፍሰስኩሉ ንብረተይ'ዩ" እብሎ። ንሱ ከኣ ንዓ ቀረብ ሕጂ በዚኣ እንተጥሒስካስ ክንርአአ ኢና እብሎ" እዚ ሕጂ ተዋስኦ'ዩ። ሰብኣይ ዋና ምኳኑ'ዩ፡ ቀስ ኢሉ ካብ ገዛ ወጺኡ ደንጎላ ሒዙ 'ዝወዓልኩዎ ከይኣኽለኒ' ዝብል ስምዒት'ዩ ነይሩዎ ብድሕረይ ይመጽእ። ብድሕረይ ስለ ዝነበረ ኣነ ኣይርእዮን'የ ዘለኹ። "ኣበይ ኣለኻ ንዓ! ንዓ ገዛኻ ድዩ ገዛይ ክንርኣአ ኢና" ይብል። እቲ በዓል ካሜራ ኣሰደሚሙዎ'ዩ። ኣብ ስምዒት'የ ኣትየ ዘለኹ። ድሓር ወደይ ድሓን ትእቶ ሰበይቱ መጺኣ'ያ ትገላግለና። እዚ'ኳ ተዋስኦ'ዩ ኢሎም ከህድኡዎ እንተፈተኑ፡ እቲ ረስኒ ብኣጋ ስለ ዘይገደፎ 'መንሞ ኣፍቂዱሎም ኣብ'ዚ ኪዋስኡ' ኢሉና ንበለካ!

* ብዘይካ ኣብ ምውሳእ ካብኡ ወጻኢ ትነጥፈሉ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ኣለካ ድዩ? ንኣብነት ኣብ ድርሰት. . . ግጥሚ. . .

- ኣብ'ቲ መጀመርታ ኣብ ምውሳእ ጥራይ'የ ዝነጥፍ ነይረ። ድሓር ግና ገለ ኮሜዲታት ፈታቲነ። እታ ናይ መጀመርታ ሸሞንተ ዓመት ይገብር ባዕለይ ዝደረስኩዋ "ደም ስኒ" ዝርእስታ ኮሜዲያ። ከም በዓል "ጉድ ረኺብና" ፡ "ተስፋማርያም ሓወይ" ፡ ገለ ክፋሉ ተሓጋጊዝና ዝሰራሕናዮ ኣሎ ። ኣብ ግጥሚ'ውን እነጥፍ'የ። ኩሉ ሙሉስ ኣስታት 25 ግጥምታት ዝጸሕፍኩዎ'ሎ። ኣብ ምውዕዋዕ (Advertize) እውን እነጥፍ እየ።

* ገለ ባዕልኻ ክትፍትኖ ትሓስብከ ኣሎዶ?

- እወ። ሓንቲ ሓጸርቲ ኮሜዲታት ዝሓዘት ካሴት ኣዳልየ ኣለኹ።

* እሞ ኣብ ቀረባ እዋን ክንርእያ ተስፋ ንገብር ርሑስ በዓል ።

- የቐንየለይ ኣነ'ውን ነዛ ንእሽቶ ዓቕመይ ከም ዓቢ ኣበርክቶ ወሲድኩም ስለ ዝዓደምኩምኒ ኣመስግን።



